# ቀብሪ ስውእ ጅግና ተጋዳላይ ታረቀ በራኺ
## 25.08.2023 ፍራንክፈርት/ጀርመን

ስውእ ጅግና ተጋዳላይ ታረቀ በራኺ እንካብ ወለድቱ ኣቶ በራኺ ኃብተሚካኤልን ወ/ሮ ለተንጉሥን ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ተወሊዱ ዝዓበየን ዝተማህረን ከምኡ ከኣ ማትሪክ ሓሊፉ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ ትምህርቱ ዝቐጸለን እዩ።ንሱ ንሃገሩን ሓልዮት ሕዝቡን ኣዝዩ ግዱስን በዓል ሓቦን ብምንባሩ ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ ዓቢ እጃም ኣበርኪቱ እዩ።

ታረቀ ንሓደ ዓመት National Service ኣብ ከተማ ሓረር ብዩኒቨርስቲ መደብ ተዋፊሩዎ ከብቅዕ ቅድሚ ናብ መደቡ ምኻድ ግን ሥድራቤቱ ክርኢ ናብ ከተማ ደቀምሓረ መጸ። ኣብ ዓላ ዝበሃል ቦታ ተጋደልቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብኣብርሃም ተወልደ እትምራሕ ሰሎሙን ወልደማርያም ፖለቲካዊ ኮምሽነራ ጋንታ ተጋደልቲ ነበሩ። ስለዚ ከኣ ታረቀ በራኺ ናብዞም ተጋደልቲ ብምኻድ ምስኦም ተረዳዲኡ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ከባቢኣን ውሽጣዊ ስርርዕ ንኽካይድ ተሰማሚዑ ጉዕዝኡ ናብ ኢትዮጵያ ቀጸለ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከኣ ውሽጣዊ ስርርዓት እንዳ ኣካየደ ከሎ ብሃንደበት ፀጥታ መንግሥቲ ኢትዮጵያ ሒዞም ብምእሳር ናብቲ ሽው እዋን መመርመሪ ናይ ፖለቲካ እሱራት ዝነበረ ኣብ ናይ መሰልጠኒ ኮማንዱስ ደቀምሓረ ምስ ካልኦት ብዙሓት እሱራት ኤርትራውያን ኣምጽኡዎ። ኣብቲ ናይ ምርመራ ቤት ማሰርቲ ከኣ ካብ ውሽጢ ኤርትራ ዝተኣሰርና ብዙሓት ጸናሕናዮም። ድሕሪ ብርቱዕን ግፍዒ ዝተሓወሶ ምርመራን ከኣ ናብ ሰንበል ኣሥመራ ቤት ማእሰርቲ ወሲዶም ናብ ቤት ፍርዲ ኣቕረቡና። ከልከል ዝተባህለ ዓቃቢ ሕጊ ኣብቲ ቤት ፍርዲ ካብ ሰሎሙን ወልደማርያም ምስ ኮማንዱስ ኣብ ውግእ ዝተኻየደሉ ጊዜ ዝወደቐት ምሉእ ሰነዳት ኣስማትና ዘለዋ ደብተር ኣቕረበ። በዚ ምኽንያት ከኣ ፍርድና ካብ ሓደ ዓመት ክሳዕ ዓሰርተ ዓመት ዝኣክል ተበየነልና። ኣነ ናይ ክልተ ዓመት ተፈሪደ ሓደ ዓመትን ገለ ኣዋርሕን ተኣሲረ ብድሕሪኡ ጃንሆይ ምሕረት ሂቦምና ክወጽእ ከለኹ ታረቀ በራኺ ግን ንሓሙሽተ ዓመት ተፈረደ። ድሕሪ ማእሰርቱ ምውዳእ እንደገና ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይዱ ነቲ ቅድሚ ምእሳሩ ዝጀመሮ ውሽጣዊ ስርርዓት ብዝያዳ ብዕቱብን ጽፉፍን ኣገባብ ቀጸሎ። ነዊሕ ከይጸንሐ ከኣ ናብ ሜዳ ኤርትራ ኣትዩ መጀመርታ ምስ ክፍሊ ዕዮ ዜና ኮይኑ ኣብ ከበሳ ንሓጺር እዋን ኣገልጊሉ ቀጺሉ ምስ ጋንታ 104 ቸንቶ ኩኣትሮ ኮይኑ ካብቶም ቀንዲ ፈዳይን ኣብ ኣሥመራ ብምኻን ተጋደለ። ታረቀ ብዙሕ መስተንክራት ንምእማኑ ዘጸግም ስርሒታት ይሃልዎ እንበር ሓደ ካብቲ ዓቢ ዓወት ዘመዝገቦ ንዶክተር በረኸት ኃብተሥላሰ ካብ ትግራይ ተቐቢሉ ናብ ኣሥመራን ሜዳ ኤርትራን ዘሰጋገረ ከምኡ`ውን ንጀነራል

ኀይትኦም ብተወሳኺ ንልዕሊ 900 እሱራት ኣብ ቤት ማሰርቲ ሰንበል ተዳጒኖም ዝነበሩን ከምኡ`ውን ኣብ ሆስፒታላት ዝእለዩ ዝነበሩን ብብርቱዕ ጥንቃቀን ሜላን ኣገባብ ተጠቒሙ ነጻ ብምውጻእ ናብ ሜዳ ኤርትራ ከምዝጽንበሩ ገበረ። ቀጺሉ ብ 1975 ዓ.ም.ፈ ኣብ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብምስታፍ ናኣባልነት ገድላዊ ባይቶ ተመዘዘ። ብመጀመርታ ሓላፊ ናይ ስነ-ኪነት ሙዚቃን ባህልን ኮይኑ ንሓጺር ጊዜ ኣገልጊሉ ቀጺሉ ናብ ቀይሕ መስቀልን ወርሕን ኤርትራ ተመዲቡ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ምስ ብጾቱ ኮይኑ ብምኻድ ብዙሕ ዓይነት መግብን መድሃኒትን ቴንዳታትን ወዘተ … ክረክብ ከኣለ። ብ 1977 ዓ.ም.ፈ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ንለውጢ ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ/ ኢ.ዲ.ም ፋሉል ተባሂሉ ዝጽዋዕ ተፈጢሩ ታሪቀ በራኺ እውን ኣባል እቲ ምንቅስቓስ ስለዝነበረ ኣብ ካርቱም ሱዳን ብፀጥታ ተ.ሓ .ኤ ምስ ብጾቱ ከምዘይሓልፍ ተሃደነ። ንዘይመውት ፈውሲ ኣለዎ ተባሂሉ ከምዝተመሰለ ታሪቀ በራኺ ብናቱ ክእለትን ሜላን ተጠቒሙ ብጀርመን ኣቢሉ ናብ ኣሜሪካ ክኣቲ ከኣለ። ኣብ ኣሜሪካ ናብራ ስደት ሕይወቱ እንዳ መርሐ ሽውሃት ቃልሱ ገና ስለዘይረወየ ዕላማኡ ኣብ ሽቶ ንምብጻሕ ምስ ብጾቱ ኢ.ዲ.ም ኮይኑ ቀጸለ። ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ እንተኾነ እውን ኣብ ኤርትራ ብምእታው ከም መምህር ኮይኑ ኣብ ዩኒቨርስቲ ናይ ኣሥመራ ንሓጺር እዋን ኣገልገለ። ንኣካይዳን ጉዕዞን ጊዝያዊ መንግሥቲ ኤርትራ ተዓዚቡን ኣጽኒዑን ከኣ ከምዘየወጻጽእ ተገንዚቡ እንደገና ናብ ስደት መዕቆቢኡ ኣመሪካ ተመልሰ። ወላዲት ኣዴኻ ብጽኑዕ ሓሚማ ተባሂሉ ምስ ተነግሮ ከኣ ናብ ኣሥመራ ኣትዩ ደቀምሓረ ብምኻድ ንወላዲቱ ክሕብሕብን ከፈውስን ላዕልን ታሕትን እንዳበለ ንርእሱ ብሓደገኛ ሕማም ተታሒዙ ኣብ ኣፍ ሞት በጽሐ። ነዚ ኩነታት ዝተሓበረት በዓልቲ ቤቱ ብቕጽበት ንደቀምሓረ ከይዳ ናብ ኣሥመራ ብምውሳድ ብሕክምናዊ ረድኤት ኣፈዊሳ ካብ ሞት ከምዝድሕን ገይራ ንጀርመን ኣእተወቶ። ኮይኑ ግን ኣብ ጀርመን ምስ ኣተወ እውን ጸቕጢ ብዝሒ ደም ገይሩ ስትሮክ ሒዙዎ ምስ ሕማም ሽኮር ተወሳኺ ስቓይ ገበረሉ። ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ትሕቲ ሕክምና ረድኤት ብበዓልቲ ኪዳኑ እንዳተኣለየ ጻውዒት ኣምላኽ ፈጣሪ ኮይኑ ብዕለት 16.08.2023 ኣብ ሃገረ ጀርመን ዓረፈ። ስነ-ሥርዓት ቀብሩ ብዕለት 25.08.2023 ሰዓት 11:00 ቅ.ቅ. ኣብ መቓብር ቦከንሃይም/ፍራንክፈርት ብግዕዝ ራቱስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ብዙሓት መተዓብይቱን መቓልስቱን ፈተውቱን መላእ ቤተሰቡን ካብ መላእ ኣውሮጳን ካናዳን ኣሜሪካን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብዓጀብን ክብርን ብመዝሙር ተ.ሓ.ኤ. ብባንዴራ ኤርትራ መለይ ተሰንዩ ተፈጸመ። ብዓርኩን ፈታዊኡን ኣቶ ሃይለ ገ/ትንሳኤ ካብ ኣሜሪካ ብሓብቱ ኣበባ ዝተነበ ግጥሚ ከምኡ`ውን ብመተዓብይቱ ኣቶ ኣንገሶም ገ/ዮውሓንስ ካብ ጀርመን

ዝተገበረሉ ወየ ... ወየ ምስ ተፈጸመ ብዶ/ር ሕሩይ ባይሩ ዘገርም ሓጺር መግለጺ ጉዕዞ ቃልሲ ታረቀ በራኺ ተዋህበ። ቀባሮ ናብ ዝተዳለወሎም ኣደራሽ ብምኻድ ተመጊቦም ካብ ኣሕዋት ነፍሰኄር መዋቲ ምሥጋና ንቐባሮ ተዋሂቡ ብዙሓት መቓልስቱ ዝነበሩ ከኣ ምስክርነቶም ብምቕራብ ብፍላይ ንበዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ በላይነሽ ዮውሃንስ ቃል ኪዳና ሓልያ ንበዓል ቤታ ኣብ እዋን ሽግሩን ስቓዩን ዝኣለየትን ዝሓብሓበትን ደረት ዘይብሉ ምስጋንኦም ገሊጾም ተዛዚመ።

**ጅግና ሓርበኛ ታሪኹ እዩ ነባሪ!**



**ዘልዓለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና!**